# BBC LEARNING ENGLISH
# **Essential English Conversation**
## **How often do you play football?**

*This is not a word-for-word transcript*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሰላም፡ እንቋዕ ናብ መደብ Essential English Conversation ብድሓን መጻእኩም። እዚ መደብ እዚ ኣገደስቲ ክፋላት ቋንቋ እንግሊዝ ሒዙልኩም ዝቐርብ መደብ እዩ። ኣነ ተኸለማሪያም በኪት እየ፡
ኣብ ናይ ሎሚ ትሕዝቶና ሰባት ኩሉ ጊዜ ብዛዕባ ኣብ ሂወቶም ዝገብርዎ ነገራት ብኸመይ ከም እትሓቱ ክንመሃር ኢና። እስከ እዞም ክልተ ሰባት ብዛዕባ ኩሉ ጊዜ ዝገብርዎ ነገራት ክዘራረቡ ንስማዕ።

***Lisa***
*How often do you play football?*

***David***
*I play football once a week. How about you?*

***Lisa***
*About twice a week.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ክብድ ዝበለ እንተመሲሉ ኣይትሻቀሉ፡ እዚ ምይይጥ'ዚ ከፋፊልና ብምቕራብ ንኽትለማመዱ ክንሕግዘኩም ኢና። ፈለማ፡ ሊሳ ንዳዊት 'How often do you…?' 'ክንደይ ጊዜ...?' ክትብል ሓቲታቶ። ኣስዒብ ኣቢላ ሊሳ 'play football' 'ኩዑሶ እግሪ' ከምዝጻወት ትሓቶ። ሰሚዕኩም ድገምዎ።

*How often do you play football?*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ዳዊት ድማ 'ሓደ ግዜ ኣብ ሰሙን ኩዑሶ እግሪ እጻወት' 'I play football once a week' ክብል መሊሱ። እንተድኣ ክልተ ጊዜ ኣብ ሰሙን ክትብሉ እንተደሊኹም 'twice' ትጥቀሙ። እንተድኣ ሰለስተን ልዕሊኡን ግዜ ኮይኑ ግን እቲ ቁጽሪን ግዜን 'times' ዝብል ምሕዋስ የድሊ። ንኣብነት ሓሙሽተ ግዜ 'five times': ሰሚዕኩም ድገምዎ።

*I play football once a week.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ዳዊት መሊሱ ሓደ ዓይነት ሕቶ 'How about you?' ብምባል ይሓታ። ሰሚዕኩም ድገምዎ።

*How about you?*


© British Broadcasting Corporation 2018

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሊሳ ድማ ኣብ ሰሙን ክልተ ጊዜ እኳዩይ ክትብል መሊሳትሉ። አብዚ እቲ ገምጋም ዝኾነ መልሲ ንምሃብ ‘about’ ምጥቃም የድልየና። 'ከምኡ'ውን ‘week’ ሰሙን ናብ 'መዓልቲ' ‘day’ ‘ወርሒ’ ‘month’ ወይ
'ዓመት' ‘year’ ንምቕያር ‘once a day’, ‘once a month’ ወይ ‘once a year.’ ክንብል ንኽእል።

*About twice a week.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም፡ ሕጂ ሰባት ክንደይ ጊዜ ዝደልይዎም ነገራት ከምዝገብሩ ንንሕሕዶም ክተሓታቱ ብምስማዕ ኣረጋግጹ።

*How often do you play tennis?*

*I play tennis twice a month. How about you?*

*About three times a month.*

*How often do you play basketball?*

*I play basketball twice a week. How about you?*

*About twice a year.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕራይ እምበኣር፡ ሕጂ ደጊምኩም ፈትኑ። ነዚ ናይ ኢንግሊዘኛ ሓሳባት ብምስማዕ ድገምዎ።
ክልተ ጊዜ ክትሰምዕዎ ኢኹም።

*How often do you play football?*
*How often do you play football?*

*I play football once a week.*
*I play football once a week.*

*How about you?*
*How about you?*

*About twice a week.*
*About twice a week.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ እምበኣር፡ ሕጂ ማዕረ ክንደይ ነቲ ዝተማሃርኩሞ ቋንቋ ኢንግሊዝ ከምእትዝክርዎ ነብስኹም ገምግሙ። ነዚ ብትግርኛ ትሰምዕዎ ምሉእ ሓሳባት ብእንግሊዝኛ ድገምዎ።

*ክንደይ ጊዜ ኩዑሶ እግሪ ትጻወት?*
*How often do you play football?*


© British Broadcasting Corporation 2018

*ኣብ ሰሙን ሓደ ጊዜ ኩዑሶ እግሪ እጻወት።*
*I play football once a week.*

*ንስኻ'ኸ? ንስኺ'ኸ?*
*How about you?*

*ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ*
*About twice a week.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም፡ ሕጂ ሰባት ንዝገብርዎ ነገራት ክንደይ ጊዜ ከም ዝገብርዎ ብኸመይ ከም እትሓቱ ፈሊጥኩም ኣለኹም። ንሊሳ ብምምላስ ተለማመዱ። 'How about you?' ኢልኩም ደጊምኩም ምሕታት ኣይትረስዑ።

*How often do you play football?*
*About twice a week.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ፤ ሕጂ ነዚ ሙሉእ ዝርርብ ደጊምኩም ብምስማዕ መልስታትኩም ኣረጋግጹ።

***Lisa***
*How often do you play football?*

***David***
*I play football once a week. How about you?*

***Lisa***
*About twice a week.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም፡ ሕጂ፡ ሰባት ዝደልይዎም ነገራት ንምፍላጥ ክንደይ ጊዜ ብኢንግሊዝኛ ብኸመይ ከም እትሓቱ ፈሊጥኩም ኣለኹም። ዝተምሃርኩምዎ ምልምማድ ግን ኣይትረስዑ። ምስ ዓርክኹም ብምኻን ንሓደ ነገር ክንደይ ጊዜ ከም ዝገብሮ ብምሕታት ተለማመዱ።
ኣብ ዝቕጽል Essential English Conversation ክሳብ እንራኸብ ልዋም ቅነ።